# ኣድጊ ኾይኑ ዝተወልደ ቄልዓ

Lindiwe Matshikiza
Meghan Judge
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 3

(utan bilder)

ፈለማ ሓንቲ ንእሽቶ ቈልዓ እያ ነቲ ምስጢራዊ ቅርጺ ብርሑቕ ዝርኣየት።

እቲ ቅርጺ እናቐረበ ምስመጸ፡ ሓንቲ ብጽሕቲ ወርሒ ነፍሰ-ጾር ኣደ ከምዝኾነት ርኣየት።

እታ ሓፍር ግን ድማ ቈራጽ ዝኾነት ንእሽቶ ቈልዓ ናብታ ኣደ ቀረበት፡ ከምዚ ድማ በለት። “እናተኻናኸ’ና ምሳና ክንሕዛ ኣለና፡” እቶም ምስኣ ዝነበሩ ሰባት ድማ ከምዚ ክብሉ ወሰኑ። “ንዓኣን ንውላዳን ምሳና ክንዕቅቦም ኢና።”

እታ’ደ ሕርሲ ተታሕዘት። “ድፍኢ!” “ኮቦርታ ኣምጹኡ!” “ማይ!” “ድፍኢኢኢኢኢኢኢኢ!!!”

ነቲ ህጻን ምስርኣይዎ ግና፡ ብስንባደ ኵላቶም ንድሕሪት ዘለሉ።
“ኣድጊ?!”

ኩሎም ክካትዑ ጀመሩ። ገሊኣቶም፡ “ኣደን ውላዳን ክንዕቅቦም ኢና’ዶ ‘ይበልናን፡ ከምኡ ድማ ኢና እንገብር።” በሉ። ካልኦት ድማ፡ “ግና ሕማኞ ዕድል ከምጽኡልና እዮም” በሉ።

ስለዚ እታ’ደ ዳግም ንብሕታ ተረፈት። ነዚ ስግንጢር ዝኾነ ቈልዓ እንታይ ከምእትገብሮ ኣስደመማ። ብዛዕባ ገዛእ ርእሳ እንታይ ከምትገብር መስተንክር ኰና።

ኣብ መወዳእታ ግና እቲ ቈልዓ ወዳ ምዃኑ ንሳ ድማ ኣዲኡ ምዃና ክትቅበሎ ኔርዋ።

ሕጂ፡ እቲ ቈልዓ ከምታ ዝነበራ፡ ንእሽተይ ግዝፉ ኔሩ እንተዝኸውን፡ ደለ ምዀነ። እቲ ኣድጊ ግና እናዓበየ እናዓበየ ኣብ ሕቑ እታ'ደ ክሕዘል ክሳብ ዘይክእል ኰነ። ብተወሳኺ፡ ዝፈተነ እንተፈተነ'ውን ከም ናይ ሰብ ጠባይ ክህልዎ ኣይከኣለን። ኣዲኡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ደኸመትን ተባሳጨወትን። ሓደ ሓደ ግዜ እንስሳታት ጥራይ ክሰርሕዎ ዝግበኦም ስራሕ ተስርሖ ነበረት።

ኣድጊ ድንግርግር በሎ ቊጥዑኡ’ውን ዛየደ። እዚ ክገብር ኣይክእል እቲ ክገብር ኣይክእል። ከምዚ ክኸውን ኣይክእል ከምቲ ክኸውን ኣይክእል። ኣዝዩ ሓሪቑ፡ ክሳብ ሓደ መዓልቲ፡ ነ’ዲኡ ረጊሑ ናብ ባይታ ዘውድቓ ኰነ።

ኣድጊ ውርደት ተሰምዖ። ብዘለዎ ፍጥነትን ክሳብ ክበጽሖ ዝኽእል ርሕቀት ክሃድም ጀመረ።

ጕያኡ ኣብ ዘቋረጾሉ ግዜ፡ መሬት መስዩ ነበረ፡ እቲ ኣድጊ ድማ ጠፍአ። ኣብቲ ጸልማት “ሂሃ ሂሃ?” ኢሉ ሃለለ። “ሂሃ ሂሃ?” ዝብል መቓልሕ ተመልሶ። በይኑ እዩ ኔሩ። ከምዛ ኵዕሶ ዕኹልል ኢሉ ኣብ ዓሚቝን ርቡሽን ድቃስ ኣተወ።

ኣድጊ ምስ ተበራበረ ሓደ ዓቢ ባዕዳዊ ሰብኣይ ኣብ ልዕሊኡ ደው ኢሉ ክጥምቶ ጸንሐ። ኣብ ኣዒንቲ ናይቲ ዓቢ ሰብኣይ ምስጠመተ ብልጭልጭታ ናይ ተስፋ ክስምዖ ጀመረ።

ኣድጊ ምስቲ ዓቢ ሰብኣይ ክቕመጥ ከደ፡ ዝተፈላለዩ ሜላታት ናይ ምንባር ድማ ካብኡ ተምሃረ። ኣድጊ ሰምዐን ተምሃረን፡ እቲ ዓቢ ሰብኣይ’ውን ከምኡ። ንሓድሕዶም ተሓጋገዙ፡ ብሓባር ድማ ሰሓቑ።

ሓደ መዓልቲ፡ እቲ ዓቢ ሰብኣይ ንኣድጊ ናብ ሓደ ጫፍ ናይ ጎቦ ተሰኪምዎ ክድይብ ሓተቶ።

ኣብ ላዕሊ ኣብ መንጎ'ቲ ደበና ድቃስ ወሰዶም። ኣድጊ ኣዲኡ ከምዝሓመመትን ትጽውዖ ከምዘላን ሓለመ። ምስተበራበረ ድማ...

... እቲ ደበና፣ ከምኡ ድማ ዓርኩ፣ እቲ ዓቢ ሰብኣይ ድሮ ተሰዊሮም ነበሩ።

ኣድጊ ኣብ መወዳእታ እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ፈለጠ።

ኣድጊ ነ’ዲኡ፡ ንበይና ኹይና በቲ ዝጠፍኣ ቆልዓ ክትሓዝን ረኸባ። ንሓድሕዶም ንነዊሕ እዋን ተጠማመቱ። ሽዑ ንሓድሕዶም ኣጥቢቖም ተሓቛቚፉ።

እቲ ኣድጊ ዀይኑ ዝተወልደ ቈልዓን ኣዲኡን ወትሩ ብሓባር ተቐመጡ፡ ከሳንዮም ዝኽእል ብዙሕ ሜላታት’ውን ረኸቡ። ቀስ ብቐስ፡ ኣብ ዙርያኦም፡ ካልኦት ስድራቤታት ክሰፍሩ ጀመሩ።

# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ኣድጊ ኾይኑ ዝተወልደ ቈልዓ

Skriven av: Lindiwe Matshikiza
Illustrerad av: Meghan Judge
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på många språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande 4.0 Internasjonal Lisens.